ብርሃን ናይ ኣፍሪቃ

ብርሃን ናይ ኣፍሪቃ... ብም�ž ኣመስኪርኪ

ተስፋ ናይ ፍቕሪ ... ብርግጽ ስለዝኾንኪ

ደሴት ናይ ሰላም ... ኮይኑ መለለይኺ

ንኡሽቶይ ይብሉኺ ... ግን ከም ንህቢ ይፈርሑኺ

ናይ ጽቡቕ ሕማቕ ኣብነት... ብምኽን ተሓሚኺ

መሬት ጸቢባቶም ... ከም ዑንቂ

ከትነፍሪ'ኺ ... ንልምዓት ንምዕባለ ብሓቂ

ንመሰልኪ ኢልኪ ... ዘይኮነ ንጽድቂ

ክትዕምብቢኺ ... ብኣልማዝ ኮነ ብወርቂ

ምስጢሩ ይፈለጥ... ንኡሽቶይ ዝብሉኺ

ሽምኪ እንዳጸዉዑ... ማዕረ ዝናኺ

ማዕቐብ ኢሎም ... ከፈራርሑኺ

እገዳ እንተበሉ ... ከዳኽሙኺ

ተስፋ ናይ ምንባር ... ኮይንኪ ብምባሎም

ክሲ ኣቕሪቦም ... ገለ እንተኾነሎም

ኣይለመድክዮን ... ኣብ ብርኮም ምስላም

ዋላ እንተፈተኑ ... ከብሉኺ ሰጊድ ሰላም

ብድሆ ኢዩ ... መልስና በልዮም

ሎሚን ጽባሕን ... ከም ትምሊ

ሽርሒታት ክፈሽሉ... ብድርብ ዓቕሊ

ማሕላና ከነሕድስ … መብጽዓ ኣሎና
ማዕቐብ ከነፍሽሎ… ብጥሙር መኸተና
እገዳ ክንብድሆ … በሓያል ጻዕርና

ህዝቢ ኤርትራ… ተገረመ
ብእገዳ ዘስገድድ … ዝብሃል እማመ
ነዚ ዘሕንኽ ዉሳኔ … ብነድሪ ተቃወመ
ወይ ጉድ… ሕቡራት ሃገራት ዝብሃል እምበር ሓመመ

ናይ ዓለም ፈተና እንተኸበደና
ማዕቐብ ማዕበል መሲሉ እንተደፈና
ብጥሙር መኸተ ክንጸፍዖ ኢና
ሎሚ ከም ትማሊ ሓደ ኢዩ ዋልታና

ህዝቢ ኤርትራ ትማሊ ተኣምራት… ገይሩ
ብሓያል ቅርጽሙ ንጸላኢ… ስዒሩ
ሰሪዒዋ ምስ ዓለም… ንሃገሩ
ተፈሪሓ ከምትነብር… ገቢሩ

እዞም ትኩራት መራሕትኺ
እዚ ህርኩት ህዝብኺ

ምስ ተባዕ ሰራዊትኪ
ኣንቲ ሃገር ገለ ኣሎኪ
ንሱ ኢዩ ነይሩ መኸንያትኪ
ኣንፈት ብርሃን ኣፍሪቃ ዝተባሃልኪ

ዓወት ንሓፋሽ

ብገብረ ፍስሓጸዮን

ኣምስተልፌን ሆላንድ